# መምርሒታት 2019-20

# ካብ ጎሓፍ-ነጻ ኣብ ምግባር ዝግበር ውድድራት ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ

## መመልከቲታት ዝቐርብሉ ግዜ፣ ሰዓት 5:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ 22 መጋቢት 2019፣ ዓርቢ እዩ።

Seattle Public Utilities (SPU) ህዝባዊ መሳለጥያ ሲያትል፣ ንካብ ጎሓፍ ነጻ ዝኾነ ማሕበረሰብ ኣብ ምፍጣር ዝግበር ዘተኮረ ፕሮጀክታት ገንዘባዊ ሓገዛት ዘለዎ ውድድር፣ መመልከቲታት ይቐበል ኣሎ። ምቁጽጻር ጎሓፍ ማለት፣ ውሑድ እንዳዓዘእካን  እንዳተጠቀምካን፣ ከም እንደገና ክትጥቀመሎም እትኽእል ንብረታት እንዳተጠቀምካ ከምኡ'ውን ንብረታትካ ንኻልኦት ንኽጥቀምሉ እናሃብካ ወይ ድማ እናወፈኻ  ዋሕዲ ጎሓፍ ምፍጣር ማለት'ዩ። ጎሓፍ ምስ እንቆጻጸር፣ ነቲ ከቢብና ንሕግዞ፣ ህዝባዊ ጥዕና ንሕሉ፣ ማሕበረሰብ ንሃንጽ ከምኡ'ውን ገንዘብ ንዕቅብ።

ዕላማታት መደባት ገንዘባዊ ብልጫ፣

- ንመራሕቲ ማሕበረሰብ ምሕጋዝን ኣብ ከባቢ ምቁጽጻር ጎሓፍ ድማ ተበላሓትቲ ምዃን
- ዝበዝሐ ዓቐን ዘለዎ መቆጻጸሪ ጎሓፍ ንማሕበረሰባት ናይ ምፍጣር ኣፍደጌታት
- ኣብ ሲያትል ናብ ጎሓፍ ዝኸይድ ንብረታት ምጉዳል

ኣመዋውላ፣

- ብጠቕላላ ንናይ 2019-20 ዙርያ ገንዘብ ዝወሃብ ብልጫ ናይ $100,000 ምወላ ኣሎ።
- ናይ ገንዘባ ጠለባት ካብ $5,000 ክሳዕ $20,000 ክበጽሕ ይኽእል። SPU ዝዓበየ ወይ ድማ ዝነኣሰ መጠን ንኽህብ መሰላ እተዓቀበ እዩ።
- ገንዘባዊ ሓገዛት ብምንገዲ ካሕሳዊ መሰረታት እዩ ዝኽፈል።
- ገንዘባዊ ሓገዛት ኣብ 12 ኣዋርሕ ፕሮጀክት ዝጅምረሉ ዕለት ክትጥቀመሉ ኣለካ። እቲ ገንዘባዊ ሓገዛት ንፕሮጀክታት ኣብ መንገዲ ንዘሎ ምወላታት ኣየቕርብን እዩ።

## መን'ዩ ክሓትት ዘለዎ

SPU ካብዞም ዝስዕቡ ንክሓቱ የተባብዕ፣

- ዘይመኽሰባውያን
- ማሕበረሰብን ጎረባብቲ ጉጅለታት
- ንግድታት
- ቤት ትምህርትታ፣ ኮሌጃትን ዩኒቨርስታትን
- ትካላት ( ናይ ጥዕና ክንክናን ናይ ኣባይትን)
- ትካላት መሰረት - እምነት
- መደባት መንእሰያትን ቆልዑን

ኣመልከቲ ልዕሊ ሓደ ማመልከቻ ከእትዉ ይኽእሉ እዮም፣ ሓደ ናይ ፍቓድ ሽልማት ጥራሕ እዮም ግብ ክቐበሉ ዝኽእሉ።

ኣመልከትቲ ምወላታት ገንዘባዊ ሓገዝ ንኽረኽቡ፣ ወይ ድማ በቲ ዝተሓተትዎ ፍቓድ ወረቐት መጠን ብመንገዲ ወኪል ግምጃ ክሰርሑ እንተድኣ ኮይኖም፣ ናይ ዋሽንግተን ስተይትን ከተማ ሲያትልን ፍቓድ ወረቐት ክህልዎም ኣለዎ። ወኪል ግምጃ ንፕሮጀክትኻ ዝኸውን ምወላታት ገንዘባዊ ሕገዛት ኣብ ምቕባልን ምምሕዳርን ሓላፍነት ኣለዎ። ወኪል ግምጃ ክሳዕ 10% ናይ ስልማት ገንዘባዊ ሓገዝ፣ በቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝኸሓስ ከኽፍል ይኽእል ይኸውን።

**ናይ ስያትል ከተማ ቢዝነስ ፈቓድ ሓበሬታ:** https://www.seattle.gov/licenses/get-a-business-license/cost-of-a-business-license
**ናይ ዋሽንግተን ግዝኣት ቢዝነስ ፈቓድ ሓበሬታ:** http://bls.dor.wa.gov/faqlicense.aspx

## ደጊምካ ምምዝጋ

ኣመልከቲ ፈቓድ ንምርካብ ኣብ ሕድሕድ ናይ እቲ ፈንዲንግ ዑደት ከምዝስዕብ ደጊሞም ምምዝጋብ ይኽእሉ:

- ፈንዲንግ ዝዘይተፈቐዶ ፕሮጀክት ደጊምካ ማመልከቻ ብምእታው። ንቀፃሊ ናይ ፈንድ ዑደት ማመልከቻኻ ከመይ ኣመሓይሽካ ክተቕርብ ከምእትኽእል ክትፈልጥ እንተደሊኻ ኣዘራርበና።
- ንሓድሽ ፕሮጀክት ማመልከቻ ምእታው።
- ፕሮጀክት ንምስፋሕ ወይ ናብ ቀፃሊ ደረጃ ንምዕባይ ማመልከቻ ምእታው።  እቲ ማመልከቻ ብዛዕባ ጎሓፍ ምክልኻል ምዕባይ ክኸውን ኣለዎ።  እቶም ፈንድታት ናይ ጎሓፍ ኣወጋግዳ ፕሮጀክት ብዘለዎ ደረጃ  ንምቕፃል  ዝውዕሉ ዘይክኾኑ ይኽእሉ።

# ፕሮጀክት ዝጠልቦ ነገራት

ንኽተመልክት ፕሮጀክታት እዘን ዝስዕባ ሰለስተ ረቛሒታት ከማልአ ኣለወን፣

1. ፕሮጀክታት ኣብ ውሽጢ ደረታት ከተማ ሲያትል ክካየድ ኣለዎ ወይ ድማ ኣብ ጎሓፍ ናይ ሲያትል ቀጥታዊ ዝኾነ ጽልዋ ኣብ ስያትል ክህልዎ ኣለዎ። እቲ ፕሮጀክት ኣብ ስያትል ዘትኮረ ጥራሕ ይኹን እምበር ኣመልከቲ ካብ ስያትል ወፃኢ ዝነብሩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

   ኣብ መርበብ ሓበረታ ዝዓበየ ዓይነት ናይ ከተማ ሲያትል ካርታ ርአ፣
   http://clerk.ci.seattle.wa.us/~public/nmaps/fullcity.htm




2. ፕሮጀክታት ኣብ ምቁጽጻር ጎሓፍ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ። ዘጠቓልሎ ኣብነታት፣

   - ነቲ ማሕበረሰብ ከመይ ጌሩ ጎሓፍ ክቖጻጸር ከም ዘለዎ ትምህርቲ ምሃብ
   - ናይ ንሓደ ግዘ ጥራሕ ዝጠቅም ፕላስቲክ ብምቕናስ ናይ ምግቢን መስተን መትሐዚ ዕድመ ምንዋሕ
   - ሰባት ንእተበላሸወ ንብረታት ኣብ ምዕራይ ዎርክሾፖት ምስራዕ
   - ኣብ ኣባይቲ መግብታት ዝወሓደ መግቢ ንምጉሓፍ ሓደስቲ ኣገባባት ምጥቃም
   - ሰባት መግብን ካልኦት ንብረታትን ክካፈሉሉ ዝኽእሉ ኣፕሊኬሽን ምስራሕ
   - ነፍሲወከፍ ንናቱ ንብረት ኣብ ክንዲ ዝገዝእ፣ ከም ማሕበረሰብ መስርሒታት ምክፋል
   - ካልኦት ምእንቲ ክጥቀምሉ፣ ከም መግቢ፣ ክዳውንቲ ወይ ድማ ካልኦት ንብረታት ዝኣመሰሉ ምውፋይ
   - ናይ ቤት ትምህርቲ ምግብን ናይ ቅርዓት ጎሓፍ ናብ ድኹዒ ቀዩርካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ማሕበረሰብ ዘሎ ጀራዲን ምጥቃም
   - ካልኦት ንምቁጽጻር ጎሓፍ ዝኸውን ፈጠራውያን ሓሳባት ዘለካ!

   እቲ ገንዘባዊ ሓገዛት ኣብዞም ዝስዕቡ ዘተኮረ <u>ኣይምውሉን</u> እዩ፣

   - ከም ብሓድሽ ንምስራሕ
   - ካብ መስርሒ ወጻኢ ምድኻዕ (ተመስሪሖም ኣብ ካልእ ቦታ ዝሸየጡ)
   - ናይ ሳይክልን መኪናን ሼራት

3. ፕሮጀክታት ካብዞም ዝስዕቡ <u>ሓደ ወይ ክልተ</u> ክገብሩ ኣለዎም፣

   - **ተበላሓቲ ኩን፣**ከም ምምዕባል ኣፕሊኮሽናት ወይ ድማ መዐረዩ ቦታታት ናብ ሲያትል ምምጻ ዝኣመሰሉ ቴክኖሎጂታትን ሓደስቲ ኣገባባትን ምፍታንን ምግፋሕን

     **ከምኡ'ውን/ወይ**

   - **ካብዞ ዝስዕቡ ሓደ ወይ ድማ ክልተ ማሕበረሰባት ኣሳትፍ፣** ጸዓዱ ዘይኮኑ ማሕበረሰባት፣ ተዓቀብቲ፣ስደተኛታት፣ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም፣ ስንክልና ዘለዎም ሰባት፣ ዓበይቲ፣ ንኣሽቱ መንእሰያት፣ ቆልዑ ከምኡ'ውን/ወይ ድማ ንኣሽቱ ንግድታት

     **ከምኡ'ውን/ወይ**

   - **ኣብ ሽግር ዘለዉ ማሕበረሰባት ምሕጋዝ፣** ናይ ነፃን ርካሽ ዋግኦምን ኣቕሑ ብምጥቃም፣ ወይ ንጎደና ሓደራት ወይ ትሑት መነባብሮ ዘለዎም ሰባት ናይ ስራሕ ስልጠና ብምሃብ ናይ ነገራት ተጠቃሚነቶም ምዕባይ

# ናይ ምወላን መወዳደሪ ረቛሒታትን

**ኣመዋውላ፣**

- ብጠቕላላ ንናይ 2019-20 ዙርያ ገንዘብ ዝወሃብ ብልጫ ናይ $100,000 ምወላ ኣሎ።
- ናይ ገንዘባ ጠለባት ካብ $5,000 ክሳዕ $20,000 ክበጽሕ ይኽእል። SPU ዝዓበየ ወይ ድማ ዝነኣሰ መጠን ንኽህብ መሰላ እተዓቀበ እዩ።
- እዞም ናይ ፈንድ ፈቓዳት ብኮሚቴን SPUን ተገምጊሙ ትሕቲ ዝሓተትካዮ ክወሃበካ ይኽእል።
- ገንዘባዊ ሓገዛት ብምንጎዲ ካሕሳዊ መሰረታት ክኽፈል እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ናይታ እተዛዘመት ፕሮጀክት ካብቲ ባጀት ንታሕቲ እንተድኣ ኮይኑ፣ እቲ ብልጫ ክጎድል እዩ።
- ገንዘባዊ ሓገዛት ኣብ 12 ኣዋርሕ ፕሮጀክት ዝጀምረሉ ዕለት ክትጥቀመሉ ኣለካ። እቲ ገንዘባዊ ሓገዛት ንፕሮጀክታት ንነዊሕ ዝጠመተ ምወላታት ክየቕርብን እዩ። ኣመልከትቲ ዓመታዊ ንሓድሽን ምስፍሕፋሕ ፕሮጀክትን ከም ብሓድሽ ከመልክቱ ይኽእሉ።

**ናይ መወዳደሪ ጠለባት፣**

- እቲ መወዳደሪ ናይቲ እትጠልቦ ዘለኻ ምወላታት ተወሓደ ፍርቂ ክኸውን ኣለዎ (ንነውፍሲ ወከፍ ንከተማ እትሸለም ሓንቲ ዶላን 50 ሳንቲም ናታ ማለት'ዩ)።
- ኣመልከቲ ነጥቢ ንኽረኽቡ ነቲ መወዳደሪ ክስንድዎ ኣለዎ።
- ናይ መወዳደሪ ኣበርክቶታት ወይ ብዓይነት ወይ ድማ ብጥረ ገንዘብ ክኸውን ይኽእል።
- ናይ ከተማ ሲያትል ቀረባት፣ ከም ግዜ ሰራሕተኛታት ከተማ፣ ኣጠቓቕማ መሳለጥያታት ከተማ፣ ከምኡ'ውን/ወይ ድማ ካልኦት ናይ ከተማ ምወላታት ከም ኣካል ናይቲ ውድድር ክይቁጸሩ ይኽእሉ እዮም።

**ናይ ውሕስና ረቋሒታት:**

ብሓፈሻ፣ ፕሮጀክትታት እዞም ዝስዕቡ ውሕስናታት የድልይዎም እዮም:

- $1,000,000 ኣብ ናይ ንግዲ ሓፈሻዊ ተኣማንነት (CGL) ውሕስና
- $1,000,000 ኣብ ናይ ንግዲ ኣውቶ ሞቲቭ ተኣማኒነት ውሕስና። እዚ ውሕስና ንናይ ንግዲ ተሽከርካሪ እምበር ንናይ ግሊ ተሽከርካሪ ክኸውን የብሉን። እቲ ፕሮጀክት መካይን ዘየካትት እንተድኣኮይኑ ወይ እቲ ፕሮጀክት ፈቓድ ዘለዎ ውሕስነኡ ዝተሓለወ ናይ ንግዲ መጎዓዓዝያ ዝጥቀም እንተኾይኑ እዚ ረቋሒ ኣድላዪ ኣይኮነን።
- ናይ ሰራሕተኛ ካሕሳ ውሕስና

ዝተፈላለዩ ናይ ውሕስና ረቋሒታት በቢ ፕሮጀክቱ ክፋለዩ ይኽእሉ። SPU ምስ ንፈቓድ ዝተሓረዩ ፕሮጀክትታት ኮይኑ ናይ ውሕስና ረቋሒታት ንምፍላይ ክሰርሕ እዩ። ናይ ፕሮጀክት- ውሕስና ዋጋ ልዕሊ እቲ ኖርማል ሽፋንካ እዩ ኣብ ናይ ፈቓድ ሕቶኻ እውን ዝተኻተተ ክኾን ይኽእል፣ እንተበዝሐ ክሳብ $500 ዝኸውን ብእቲ ፍቓድ ፈንድ ዝግበር እዩ።

**ክፍልታት ወጻኢታት፣**

ተኽሓስቲ ወጻኢታትን ናይ መወዳደሪ ኣበርክቶታን ብቐጥታ ምስቲ ፕሮጀክት ክተሓሓዙ ኣለዎም።

- ናይ መወዳደሪ ኣበርክቶታት ኣብታ መመልከቲ ተቐርበላ መዓልቲ ክጅምር ይኽእል።
- ተኽሓስቲ ወጻኢታት፣ ምስ ከተማ ኮንትራት ምስ ተፈረመ ክጅመር ይኽእል።

| | ወጻኢታት መኽሓሲ | ውድድር |
|---|---|---|
| ንቲ ፕሮጀክት ዝተወሃበ ናይ ስታፍ ሰዓት (ሕላፍ ግዘ እውን ከካትት ይኽእል) | ✓ | ✓ |
| ቀረባትይ ፕሮጀክት፣ ንብረታትን መሳርሒታትን | ✓ | ✓ |
| ከም ምስትርጓም። ምሕታምን ቅዲ ምውጻእን ዝኣመሰሉ ምስ ፕሮጀክት ዝተኣሳሰሩ ኣገልግሎታት | ✓ | ✓ |
| ንንጥፈታት ፕሮጀክት ዝኸውን ክራይ ቦታ | ✓ | ✓ |
| ምስ እቲ ፕሮጀክት ዝተታሓሓዙ ከባቢያው ንጥፈታት ኣብዝግበረሉ እዋን ምግቢን መስተን የድሊ እዩ፣ ብዘይካ ኣልኮላዊ መስተታት<br>(ንሓደ ፕሮጀክት ዝወፅእ ናይ ሓደ ሰብ ዋጋ በዝሒ ምኽንያታውዊ ክኾን ኣለዎ፣ እንተበዚሑ ንሓደ ሰብ $10) | ✓ | ✓ |
| ንተሳተፍቲ ፕሮጀክት ዝኸውን መተባብዒ<br>(ንሓደ ፕሮጀክት ዝወፅእ ናይ ሓደ ሰብ ዋጋ በዝሒ ምኽንያታውዊ ክኾን ኣለዎ) | ✓ | ✓ |
| ኣብ ውሽጢ ሲያትል ምስ ፕሮጀክት ዝተሓሓዘ ናይ መዕሸጊ መካይንን መዐቀኒ ማይልን<br>(ኣብ ፈደራላዊ ናይ ማይል መዐቀኒ ዝኽፈሎ) | ✓ | ✓ |
| ክፍሊታት ወኪል ግምጃ (ካብ ምሉእ ስልማት ናይ ፕሮጀክት 10% ዘይበዝሕ) | ✓ | ✓ |
| ናይ ፕሮጀክት- ውሕስና ዋጋ ልዕሊ እቲ ኖርማል ሽፋንካ እዩ<br>(ናይ ውሕስና በዝሒ ዋጋ ናይ እቲ ፕሮጀክት ውፅኢት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኾን ይግባእ፣ እንተበዝሐ ክሳብ $500 ዝኸውን ብእቲ ፍቓድ ፈንድ ዝግበር እዩ) | ✓ | ✓ |

| | ወጻኢታት መኽሓሲ | ውድድር |
|---|---|---|
| ንፕሮጀክት ዝተሓዝአ ናይ ወልተኛታት ግዜ (ንሰዓት $24 ዝግመት) | | ✓ |
| ምስ ፕሮጀክት ዝተሓሓዝ ካብ ከተማ ወጻኢ ጉዕዞታት | | ✓ |
| ካልእ ምወላታት ገንዘባዊ ሓገዝ ወይ ድማ ብፕሮጀክት ዝኸውን ኣበርከቶታት ጥረ ገንዘብ<br>(ካብ ከተማ ሲያትል ዝርከብ ምወላታት ኣወጊድካ) | | ✓ |

## መስርሕ መመልከቲ

***መደብ፣***

| | |
|---|---|
| **መመልከቲ ዝቐርበሉ** | 22 መጋቢት 2019 |
| **ናይ ውሳኔ ምልክታ** | ጉንበት2019 |
| **ምስ ከተማ ኮንትራት ተፈሪሙ** | ብሰነ 2019 |
| **ስራሕ ይጅምር** | ሓምለ-ጥቅምት 2019 |
| **ስራሕ ዝውድኣሉ** | ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ናይ ፕሮጀክት እተጀመረሉ |

***ስጉምታት መመልከቲ፣***

**1ይ ስጉምቲ፣ እዞም መምርሒታት ኣንብቦም**

**2ይ ስጉምቲ፣** [ርኸቡና]

- ፕሮጀክትኻ ብቐዕ ምዃኑ ኣረጋግጽ
- ብዛዕባ መመርሒታትን መመልከትን ሕቶ ሕተት

**3ይ ስጉምቲ፣ ሓንቲ ካብ ናይ ገንዘባዊ ሓግዛት መደባት ተኻፈል (ዘየገድድ)**

| **ሰሜን ስያትል** | **ማእኸላይ ስያትል** | **ደቡብ ስያትል** | **ምዕራብ ስያትል** |
|---|---|---|---|
| ጥሪ 15, 2019 | ጥሪ 26, 2019 | ለካቲት 4, 2019 | ለካቲት 9, 2019 |
| 5:30-7:00 PM | 12:00-1:30 PM | 5:30-7:00 PM | 12:00-1:30 PM |
| Green Lake Library | Montlake Library | Columbia Library | Delridge Library |
| 7364 E Green Lake Dr N | 2401 24th Ave E | 4721 Rainier Ave S | 5423 Delridge Way SW |

ብኽብረትኹም ቅድሚ ናይ ሓበሬታ መደባት **ተወሓደ ቅድሚ ሓደ ሰሙን** ናይ ቋንቋ ምስትርጓምን ካልኦት መሳለጥያታትን [ሕተቱ]።

**4ይ ስጉምቲ፣ ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ መመልከቲኻ ብምልክዕ ሕትመት ወይ ድማ ብተንቀሳቓሲ ስእሊ ኣብ 22 መጋቢት 2019 ኣቕርባ።**

- ንመመልከቲ ፎርም ሕተሞ (ካብ 7 ገጽ ዘይበዝሕ ክኸውን ኣለዎ)
- መምርሒታት ናይ ተንቀሳቓሲ ስእሊ መመልከቲ (ካብ 20 ደቓቕ ዘይበዝሕ ክኸውን ኣለዎ)
- መመልከቲ ፎርም ባጀት (ንክልቲኡ ናይ ሕትመትን ተንቀሳቓሲ ስእሊ መመልከቲታትን)

መመልከቲታትኩም በቲ ዝመረጽኩምዎ ቋንቋ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። SPU ናይ ምትርጓምን/ምስትርጓምን ኣገልግሎታት ከቕርብ እዩ።

## *ግምገማ መመልከቲ*

***ገምጋሚት ጉጅለ፣***

*ገምጋሚት ጉጅለ ገንዘባዊ ሓገዝ፣ ኣብ እተፈላለየ ድሕረባይታታትን ጽፍሕታት ተመኩሮን ዘተኣኻኸቡ ኣባላት ማሕበረሰብን ሰራሕተኛታት ከተማ ሲያትልን ዝቖመት እያ።*

***መገምገሚ ረቛሒታት፣***

ፕሮጀክታት መጀመርታ ንቕጥዕታት ፕሮጀክት የማልኡ'ዶ ኣየማልኡን ንምርግጋጽ ግምገማ ክካየድ እዩ። ብድሕርዚ እታ ገምጋሚት ጉጅለ ገንዘባዊ ሓገዝ ንብቑዓት ፕሮጀክታት በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ሽዱሽተ ቅጥዕታት ክትመዝኖ እያ። SPU ንፍሉይነት ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ፣ እተጸልዉ ማሕበረሰባት ከምኡ'ውን ዓይነታት ፕሮጀክት ኣብ ግምት ከእቱ እዩ።

1. **(30%) ምቁጽጻር ጎሓፍ፣** ናይ ፕሮጀክት ዓቕሚ ኣብ ምቁጽጻር ጎሓፍ።
    - እታ ፕሮጀክት ዓወት ኣብ ክትልክዕ ትኽእል ድያ?
    - ኣብ ምጉዳል ሚዛንን (ፓውንድ) ቁጽሪ ናብ መትረብ ጎሓፍ ዝኣቱ ኣብ ምጉዳል እንታይ ዓቕሚ ኣለዋ?
    - ኣብ ማሕበረሰብ ዘለዋ ምብጻሕን ለውጢ ናይ ባህርያትን እንታይ ዓቕሚ ኣለዋ?
    - እቲ ገንዘባዊ ሓገዛት ምስ ተቐበልኩም፣ ከመይ ጌሩ ጽልዋ ናይታ መቆጻጸሪ ጎሓፍ ፕሮጀክት ክቐጽል እዩ?

2. **(15%) ተበላሓትነት፣** ናይታ ፕሮጀክት ኣጠቓቕማ ሓደስቲ ቴክኖሎጂታትን ኣገባባትን።
    - ከመይ ጌራ እያ እታ ፕሮጀክት ንሓደስቲ ቴክኖሎጂታትን ኣገባባትን ክትፍትኖ ወይ ድማ ከተስፋሕፍሖ?
    - እታ ፕሮጀክት ብኻልኦት ክትድገም ክትክእል ድያ?
    - ከመይ ጌሩ እዩ ናይታ ፕሮጀክት ጥበባን ውጽኢታትን ኣብ ማሕበረሰርብ ናይ ልምዲ ልውውጥ ክግበር ዝኽእል?

3. **(15%) ተሳትፎ ማሕበረሰብ፣** ናይታ ፕሮጀክት ዓቕሚ ኣብ ከባቢ ምቁጽጻር/ዳግማይ ምጥቃም ንማሕበረሰባት ብብቑዓት ምስታፍ።
    - እታ ፕሮጀክት ንተዓዘብቲ ብቑዕ ዝኾነ ናይ ተሳታፍነት ኣገባባት ትጥቀም'ዶ?
    - ከመይ ጌሮም እዮም ተጸለውቲ ማሕበረሰባትን ኣብ ምምዳብ ፕሮጀክትን ምትግባርን ክሳተፉ?
    - ከመይ ጌሩ'ዩ እቲ ፕሮጀክት ምስ ማሕበረሰባት ክሻረኽ?
    - ከመይ ጌራ'ያ እታ ፕሮጀክት ጸዓዱ ዘይኮኑ ማሕበረሰባት፣ ተዓቆብቲ፣ስደተኛታት፣ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም፣ ኣካል ጉዱት ዘለዎም ሰባት፣ ዓበይቲ፣ ንኣሽቱ መንእሰያት፣ ቆልዑ ከምኡ'ውን/ወይ ድማ ንኣሽቱ ንግድታት ከሳትፍ ዝኽእል?

4. **(15%) ረብሓታት ማሕበረሰባት፣** ናይ ፕሮጀክት ዓቕሚ ኣብ ምሃብ ረብሓታት ንማሕበረሰብ።
    - ከመይ ጌራ'ያ ነቲ ማህበረሰብ ትረብሖ (ከም ህዝባዊ ጥዕና ምምዕባል፣ ስራሕ ምፍጣር ወይ ድማ ኽእለት ስራሕ ምፍጣር፣ ወይ ናይ ነጻ ወይ ድማ ትሑት ክፍሊት ዘለዎ ቀረባት ዝኣመሰለ)?
    - ማዕረ ክንደይ እያ እታ ፕሮጀክት ነቶም ኣዝዮም ሽጉራት፣ ከም ግዳም ሓደር ወይ ድማ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ማሕበረሰባት ክትረብሓም ትኽእል?

5. **(15%) ናይ ፕሮጀት መትሓዚ ዓቕሚ፣** ናይ ፕሮጀክት ዓቕሚ ክዕወተሉ ዝኽእል ኣብ ክሕዞ ዝኽእል ስፍሓት እዩ ዝምርኮስ።
    - እቲ ፕሮጀክት ዕዉት ንክኸውን፣ እኹላት ዝኾኑ ሰራሕተኛታት፣ መሻርኽቲ፣ ከምኡ'ውን ቀረባት ፋይናንስ ኣለዎ'ዶ?
    - ምሕዝነት ተረጋጊፁ ድዩ?
    - እታ ፕሮጀክት ዕውት ንክኸውን፣ ናይ ክእለት ፍልጠት፣ ተመክሮ፣ ከምኡ'ውን ዝምድናታት ኣለካ'ዶ?

6. **(10%) ባጀት፣** ናይ ፕሮጀክት ናይ ምዕዋት ዓቕሚ ኣብቲ ተሓሲቡ ዘሎ ባጀት እዩ ዝምርኮስ።
    - እቲ ባጀት ምስ ተሓሲቡ ዘሎ ፕሮጀክት ቀጻልነት ኣለዎ ድዩ?
    - ናይ ባጀት ገምጋማት ልክዕ ድዩ?
    - ኩሉ እቲ ወጻኢታት ገንዘባዊ ሓገዛት ንክረኽቡ ይግባእ ድዩ?
    - እቲ ተጠሊቡ ዘሎ መጠን፣ ነቲ እንጽበዮ ዘለና ውጽኢታት ምኽንያታዊ ድዩ?

# ክፍሊትን ኮንትራት ምግባርን

**ኮንትራት ምግባር፣**

- ተቐበልቲ ስልማት ምወላታት ገንዘባዊ ሓገዝ ንኽረኽቡ ወይ ድማ ብመንገዲ ወኪል ግምጃ ዝሓቶ ፍቓድ ወረቐት ስራሕ ክረኽቡ እንተዳኣ ኮይኖም፣ ናይ ዋሺንግተን ስተይት ወይ ድማ ናይ ከተማ ሶያትል ናይ ንግዲ ፍቓድ ወረቐት ክህልዎም ኣለዎ።
- ተቐበልት ስልማት ምስ SPU ገንዘባዊ ሓገዛት ንኽቕበሉ ኮንትራት ክፍርሙ ኣለዎም። እታ ኮንትራት ተወሳኺ መርሓትን ኩነታት ናይ ገንዘባዊ ሓገዛት ከተጠቓልል እያ።
- ተሰለምቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ነቲ ናቶም ገንዘባዊ ሓገዛት ወይ ድማ ወኪል ግምጃ ከመሓድርዎ ይኽእሉ እዮም። ክፍሊታት ወኪል ግምጃ ኣብ ገንዘባዊ ሓገዛት ክኽፈል ይኽእል እዩ ወይ ድማ ኣብ መወዳደሪ ኣበርክቶ ከትግብር ይኽእል እዩ። ወኪል ግምጃ ክጥቀሙ ዘይደለዩ ተሰላምቲ ገንዘባዊ ሓገዝ፣ ናይ ቀረጽ መለለዩ ቁጽሮም ከቕርቡ ኣለዎም ከምኡ'ውን ምስ ኣገልግሎታት ኣታዊ ግብሪ ክረዳድኡ ኣለዎም።
- እቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ድሒር ምፍራም ኮንትራት ዝኾነ ወጻኢታት እዩ ዝኸሕስ።

**ወከልቲ ግምጃ፣**

- ኣምልከትቲ ንፕሮጀክት ዝኸውን ምወላታት ገንዘባዊ ሓገዛት ብመንገዲ ወኪል ግምጃ ንኽቕበለሎምን ከመሓድረሎምን ሓላፍነት ንወሲዱ ምስኡ ንኽሰርሑ ከመርጹ ይኽእሉ እዮም።
- ኣመልከትቲ ናይ ባዕሎም ወኪል ግምጃ ክለልዩ ከምኡ'ውን ወኪል ግምጃ ናይ ዋሽንግተን ስተይትን ከተማ ሶያትል ናይ ንግዲ ፍቓድ ወረቐት ከም ዘለዎም ከረጋግጹ ኣለዎም።
- ወከልቲ ግምጃ 10% ካብቲ እተሰልምካዮ ገንዘባዊ ሓገዝ ክኽፍሉኻ ይኽእሉ። ነዚ ክፍሊታት ኣብ ናይ ፖሮጀክት ባጀትካ ከተጠቓልሎ ትኽእል ኢኻ።

**ክፍሊት፣**

ተሰለምቲ ገንዘባዊ ሓገዛት ወርሓዊ ወይ ድማ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ምስ ፕሮጀክት ዝተሓሓዝ ናይ ወጻኢታት ቅብሊት ከቕርቡ እዮም። SPU ቅብሊት ምስ ተቐበልካ፣ ድሕሪ ኣርባዕተ ሰሙን ናይ ካሕሳ ቸክ ክህበካ እዩ። ቅብሊት ዘይምሉእ ምስ ዝኸውን ወይ ድማ ዘድልዩ ጸብጻባትን ሰነዳትን ምስ ዝጎድሎ፣ ክድንጒ ይኽእል እዩ።

**ጸብጻብ ምቕራብ፣**

- ተቐበልቲ ስልማት፣ ኣብ ነፍሲወከፍ ቅብሊት ናይ ምዕባለታት ጸብጻብ ከቕርቡ ይሕተቱ እዮም።
- ቅድሚ ናይ መወዳእታ ገንዘባዊ ሓገዛት ምቕባልካ፣ ተቀበልቲ ስልማት ናይ ፕሮጀክት ውጽኢታትን ካብኡ ዝተማህርዎ ትምህርታት ዝሓዘ ናይ መወዳእታ ጽብጻብ ከቕርቡ ኣለዎም። እቲ ጸብጻብ ኣብ ናይ SPU መርበብ ሓበሬታ ክዝርጋሕ እዩ።

# ምሳና ርክብ ግበሩ

ኣብ wastefreegrants@seattle.gov ወይ ድማ ብቑጽሪ ተለፎን (206) 684-7868 ብምድዋል ብኢንግሊሽ ወይ ድማ ካብዘን ኣብ ታሕቲ ዝተጠቕሳ ቋንቋታት ሕተት።

ኣብዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ሓገዝ ንምርካብ፣ ንመሻርኽትና ECOSS ኣብ info@ecoss.org ወይ ድማ ብቑጽሪ (206) 767-0432 ext ብምድዋል ርኸቦም። 1009. ብኽብረትኩም መልእኽቲ ግደፉልና፥ እቲ ዝምልከቶ ኣካል ድማ ክምልሰልኩም እዩ።

- ኣምሓርኛ
- ካንቶኒዝ
- ክህመር
- ኮርያ
- ማንዳሪን
- ሳሞሊ
- ስፓኒሽ
- ትግርኛ
- ቬትናመኛ
- ቻይንኛ